ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ

الائتلاف الوطني الديمقراطي الإرتري

**Eritrean National Democratic Coalition**

# ደምዳሚ ኣዋጅ ስሩዕ ኣኼባ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ

*ኣብ ውሽጥን ወጻእን ትርከብ ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና፡*

*ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ልፍንቲ) ካብ ዕለት 22 ክሳብ 23 ሓምለ 2023 ኣብ ዘሎ ግዝያት ስሩዕ ኣኸበኡ ኣካይዱ። ኢዚ ኣኼባ'ዚ ብሃገራውን፣ ዞናውን፣ ኣህጉራውን ደርጃ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ምዕባሌታት ኣብ ዝሳጋገረሉ ዘሎ እዋናት ኢዩ ተሰላሲሉ። ኣብ ሃገራዊ መዳይ፣ ህዝብና፣ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኣብ ዘይብሉ ውግኣት ስርዓት ህግዲፍ ዘጥፈኦም መንእሰያት፣ ንቤተ ሰቦም ክሕብር እንዳ ተጸበየ፡ ብኣንጻሩ ናይ ራዕድን ሽበራን መርሆኡ ብምድንፋዕ፡ ዕላምኡ ዘይ ተፈልጠ ሓዲሽ ናይ ዕስክርና ጎስጓስ የሰላስል ኣሎ። ኢዚ ድማ ነቲ ትንሳኤን ምዕባለን ብልጽግናን ሰላምን ሃገረ ኤርትራ ንምትሕንኳል መሓውር ናይ'ቲ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ዘጋልጽ ክውንነት ኢዩ።*

*ኣብ ዞናዊ መዳይ፡ ሓው ህዝቢ ሱዳን ብስንኪ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ምያዝያ 2023 ዝተባረዐ ውግእ ሕድሕድ፣ ብዙሓት ካብ ደቁ ህይወቶም ክስእኑ ከለዉ፣ ኢዚ ዘይባሃል ንብረት ዓንዩን ተዘሪፉን፡ ኢቲ ህዝቢ ድማ ንኣደዳ ስደትን ጥምየትን ስቃይን ተሳጢሑ ይርከብ። ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ፣ ካብቲ ናይ ውሽጣዊ ውግእ ዝፈጠሮ ክውንነት ተገላጊላ፣ ናብ ሰላምን ቅሳነት ክትሳጋገር ትጽቢት እንዳ ተገበረላ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዘይ ምርግጋእን ዘይ ቁሱንን ኩነታት ተሸሚማ ክትሳቐ ትርከብ። ዝምድናኣ ድማ ምስቲ ናይ ትማሊ መሻርኽታ ዝነበረ ስርዓት ህግዲፍ ተዳኺሙ፣ ዳርጋ ኣብ ምብታኽ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን ከም ንረከብ ህልዊ ኩነታት ዞናና ዘብረሆ ሓቂ ኢዩ። ኢዚ ኩነታ'ዚ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ህዝብና፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ንዝነብር ህዝብና፣ ብኣሉታ ዝጸሉ ኮይኑ ንተወሳኺ ስቓይን ስደትን ኣሳጢሑዎ ይርከብ።*

*ኣህጉራዊ መዳይ ምስ እንምልከት'ውን፡ ብስንኪ ኣብ መንጎ ራሻን ዩክረይን ዝካየድ ዘሎ ውግእን፡ ምጣኔ ሃብታዊ ዕብየትን፣ ኣብ ንግድን ወፍርን ኢንዳ ኣስፋፈሐን ዝስጉም ዘሎ ንኣመሪካ ኣስጋኢ ዝኾነ ጉዕዞ ቻይና ዝፈጠሮ ምትፍናን፣ ኣብ ማንጎ ኣመሪካ እትመርሖም ምዕራባውያን ሃገራትን፡ ራሻን ቻይናን ምስ ተማሓዘውተን ሃገራት ኮይነን ዝመርሐኦ ዘለዋ ናይ ምቕላስ መስርሕ፣ ንዓለምና ኣብ ዓቢ ቁጠባዊ ቅልውላው ሸሚሙዎ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ከም እንርከብ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ።*

*ላዕላዋይ ሓበራዊ መሪሕነት ልፍንቲ፣ ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመስለ ምዕባሌታት፣ ስሩዕ ኣኼብኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ። ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ካብ ስርዒታውን ፖሎቲካውን ሽማግለ ዝቀረበ ጽብጻብ ሰሚናራት ኣካላት ልፍንቲ መሰረት ዝገበረ ሰፊሕን ጠቓምን ክትዓት ኣካይዱ። ኣኼባ ብዝተፈላለየ ርእይቶታትን ሓሳባትን ነቲ ሰሚናራት ዘሀብተመ ተሳትፎ መሰረታት፡ ናብ ውሁድ ሃገራዊ ሓላፍነት ዝስከም መሪሕ ውድብ ንምስግጋር፡ ሓድነታዊ ጉባኤ ንምክያድ ጻዕርታትና ንምድንፋዕ ዕዙዝ ተዳልይነት ከም ዘለዎ ዘመልከት ብተሳተፍቲ ሰሚናራት ልፍንቲ ንዝቐረበ ሃናጺ ርእይቶታት፣ ኣኼባ ላዕላዋይ መሪሕነት ልፍንቲ ሞጒሱ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ፣ ሰሚናራት ዘየካይዳ ጨንፈራት፣ ሰሚናራት ክካዩዳ ከም ዘለወን ኣኼባ ወሲኑ።*

*ስሩዕ ኣኼባ ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነት ልፍንቲ፣ መደባት ዕዮ መጻኢ መድረኽ ብዝምልከት፡ ከይዲ ስራሓት ሽማግለታት ድሕሪ ምምዛን፡ ኣብ መድረኽ ምውህሃድ ክፍጸሙ ዝግበኦም ተደላይነታት ተማሊኦም ኢዮም ዝብል መደምደምታ ስለ ዝበጸሐ፣ ብመሰረት ተወጢኑ ዝነበረ መርሓ ጎደና፣ ከም ናይ መወዳእታ ዕማም ናይ ምጽንባር መድረኽ ስለ ዝኾነ፡ ናብ ሓድነታዊ ጉባኤ ዘብጽሐና ኣሰናዳኢ ሽማግለ ክቐውም ወሲኑ።*

*ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብና፥*

*ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት፣ ሓደ ካብቶም ብዑምቀት ዝረኣዮም ጉዳያት፣ ኢዚ ኣብ ሱዳን ተባሪዑ ዘሎ ውግእ ሕድሕድ ነይሩ። ኢዚ ንሓው ህዝቢ ሱዳን ኣጋጢሙ ዘሎ ሰብኣዊ ህልቂትን፣ ነገራዊ ብርሰትን፣ ብጣዕሚ ዘሕዝን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ንዓና ኤርትራውያን'ውን ካብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎ ኣትሒዝና ክንዕቆበላ ዝጸነሕናን፣ ገና'ውን ንዑቀበላ ዘላ ሃገር ብምዃና፡ ኣብ ልዕሊ ሓው ህዝቢ ሱዳን ዝወርድ ኩሉ ዓይነት ሓደጋታት ኣዝዩ ዘሕዝንና ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንህዝብና ውን ብቀጥታ ስለ ዝጸልዎን፣ ንቓጻሊ ስደትን መከራን ክሳጣሕ ዝገብር ስለ ዝኾነን፣ ግዳይ ናይ'ዚ ኣብ ሱዳን ተባሪዑ ዘሎ ኣዕናዊ ውግ'ውን ኢና። ካብ'ዚ ተረድኦ'ዚ ብምብጋስ፣ እቶም ክሊቲኦም ተገራጨውቲ ኣካላት ኣብ ልቦም ተመሊሶም፣ ነዚ ራብሓ ህዝቢ ሱዳን ዘይብሉ ኣዕናዊ ውግእ ብቕጽበት ደው ኣቢሎም ንሽግራቶም ብሰለማዊ ኣገባብ ክፈትሑ ጸዊዑ።*

*ብዛዕባ ኩነታት ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ብዝምልከት፣ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ልፍንቲ፣ ነቲ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝግምት ህይወት ደቂ ሰባት ዘህለቀ ውግእ ሕድሕድ፣ ገደብ ዝገበረ ስምምዕ ፕሪቶሪያ ደገፉ ገሊጹ። ኣብ ዘይምልከቶ ውግእ'ዚ ዝጠፈኡ ኤርትራውያን ድማ ንረብሓ ህዝብናን ሃገርናን ዘይ ኮነ ንሸውሃት መላኺ ኤርትራን መጋበሪያታቱን ጥራሕ ዘርወየ ጥራሕ ምንባሩ ኣኼባ ኣስምሩሉ። ሕጂ ውን ምስ'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ እንዕዘቦ ዘሎና ዘይተረጋገአ ኩነታትን፣ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን እንዳ ተዳኸመ ይመጽእ ምህላዉን ብምግንዛብ፣ ኣብ ክንዲ'ቲ ናይ ሰላም ስምምዕ ተጠቒምካ መፍቲሒታት ምንድይ፡ ከም በሓዲሽ ናይ ውግእ ሃዋሁ ከይ ፍጠር፣ ኣኼባ ዘለዎ ስግኣት ገሊጹ።*

*ኣኼባ ኣብ መንጎ ጎረባብቲ ሃገራት ንዝፍጠር ምስሕሓባትን ወጥርን፣ ምትእትታዋት ወጻኢ ሓይልታት ብዘይ የፍቅድ ኣገባብ፣ ብልዝብን ብሰለማዊ መንገድን ብምፍታሕ፣ ነዚ ሓው ኣህዛብ ብሰላም ተኸባቢሩን ተፋቒሩን ክነብር ዘለዎ ባህርያዊ መሰል ክኽበረሉ፣ ካብ ኩሎም ሸነኻት ጻዕርታት ክካየድ፣ ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ልፍንቲ ጸዊዑ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፣ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መላኺ ስርዓት ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ፣ ህዝቢ ንመሰላቱ ይኹን ካብ መንግስቲ ዝጥለቡ ኣገልግሎታት ንምምላእ ከይሓትት ንህዝቢ ብምዕፋን፣ ናይ ምልኪ መደባቱ ንምስልሳልን ምስላጥን ከም ናይ ጸቕጢ ሮቛሒ ክጥቀመሉ ጸንሑ እንተኾነ፣ ነዚ መዝሚዝካ፣ ንልዑላውነት ኤርትራን፣ ንግዝኣታዊ መሬታ ይኹን ንወደባታ ዝፈታተን፣ ካብ ገለ ሰበ ስልጣ ኢትዮጵያ እንሰምዖ መግለጺታት፣ ናይ ብሓቂ ግብራዊ ትልሚ ወይ'ውን ከንቶ ሕልሚ፣ ህዝቢ ኤርትራ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሙሩጻት ደቁ ኣበጅዩን ደሙ ኣፍሲሱን፣ ንብረቱ ኣወፊዩን ዘረጋገጾ ናጽነትን ልዑላውንት ሃገሩ፣ ክንዲ ስድሪ'ውን ትኹን ክትጭረም ኣይከፍቅድን ኢዩ። ኤርትራ ሃገርና ድማ ናይ መላኺ ስርዓት ኢሳይያስ ወይ'ውን ናይ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይሊ ዋንነት ከም ዘይኮነት፣ ነቶም ልዑላውነትና ክግህሱ ዝህቅኑ ኣካላት፣ ከነረጋግጸሎም ንፈቱ።*

*ስሩዕ ኣኼባ ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነት ልፍንቲ፡ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዘካይዶ ዘሎ ፈስቲቫላት ንምቅዋም፣ በቶም ሃገሮም ዘፍቅሩን፣ ኣብ ኤርትራ ሰላምን ቅሳነትን ዕብየትን ንኽረጋገጽ ዝቃለሱን ኣካላት ህዝብና ዝካየድ ሰለማዊ ሰልፊ ግቡእ ብምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ብሕርቃንን ቁጠዐን*

*ተደሪኾም፣ ካብ'ቲ መሰል ምኽያድ ሰለምዊ ሰልፊ ዝሃበካ ሕግታት ወጺእካ፣ ሓይሊ ብምጥቃም ኣብ ዘየድሊ ሸግራት ካብ ምውዳቅ ክጥንቀቑን፣ ሕግታት ናይተን ዝነብሩለን ሃገራት ከኽብሩ ናይ ግድን ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ብሓፈሽ፣ ተቓውሞ ደንበ ድማ ብፍላይ፡ ጽዑቅ ንጥፈታት ብምኽያድ፣ ኣብ ርእሲ'ቲ ኣንጻር ስርዓት ህግድፍ ዘካይድዎ ዘለዉ ቃልሲ፣ ብግልጺ ይኹን ብተዘዋወረ መንገዲ፣ ንልዑላውነት ሃገርናን ሓድነት መሬትናን ዝፈታተን ወስታታት ብትሪ ክብድህ፣ ኣኼባ ላዕላዋይ መሪሕነት ልፍንቲ ጸዊዑ።*

*ውፉይ ተቓላሳይ ህዝብና፡*

*ኣኼባ ሓባራዊ ላዕለዋይ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ፣ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ተዓቝቡ ዝነብር ዘሎ ህዝብና፣ ብስንኪ ኣብዘን ሃገራት ሰፊኑ ዘሎ ቅልውላውን ናይ ውግእ ሃዋሁን፣ ኣብ ዉሕስነት ዘይብሉ ጽጥታዊ ኩነታት ይነብሩ ስለ ዘለዉ፣ ኩሎም ዝምልከቶም መንግስታትን ኣህጉራዊ ውድባትን ማሕበራትን ዘድሊ ሓገዝት ክቕርቡን፣ ንህይወቶም ዉሕሰነት ኣብ ዝረኽብሉ ቦታ ንምዕቃቦም ክጽዕቱን ተሪር ጻውዒት ኣቕሪቡ።*

*ኣብ መደምደታ፣ ላዕላዋይ ሓበራዊ መርሕነት ልፍንቲ ኣብ ኩሉ ማኣዝናት ዓለም ዝርከቡ ኣባላት ኤሃዲል ዘካይድዎ ዘለዉ ምዑት ቃልሲ ኣሞጒሱ። ዕድመ መላኺ ስርዓት ንምሕጻር ዝሕግዝ ሓድነታዊ መስርሕ ንምዕዋት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ሓደ መሪሕ ውድብ እንምስረተሉ ጉባኤ ንምብጻሕ ጻዕርታቶም ከደንፍዑ ድማ ጸዊዑ።*

*ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ !!*
*ክብርን ዝኽርን ንሰዉኣትና !!*
*ውድቀት ንምልካዊ ስርዓት ህግድፍ!!*

*ላዕለዋይ ሓባራዊ መርሕነት ኤሃዲል*

*27/07/2023*